# ጨካን ወለዶ

ሕሱም ወለዶ ንሕስያ ዘይብሉ
ነንሕድሕዱ ዝባላዕ ኣረመን ብቑሉ
ደም ኣሕዋቱ ዝሕጸብ መዋእሉ
ውላዱ ዝበልዕ ብፖለቲካ ተኸዊሉ
ዘይበሊ ቅርሕንቲ ዝነብር ተደጉሉ
ህዝቢ ዝፈላሊ መንቂ ዝኣመሉ
ዘራፍ ዝብሉ በትሪ ጎራሓት ኣኸቲሉ
ብጽሕፍቶ ውላዱ ዝጻወት ዘይሓልየሉ
ሓላፍነቱ ዘይፈልጥ ዝነብር ተሸኺሉ
ህውከት ዝዘርእ ሓዊ-ረመጽ ዝኸዕወሉ

እናሰምዔ ዝሞተ ሓቢርና ነልቅሰሉ
ኣረመን ንበሎ መዳርግቲ ዘይብሉ
እናረኣየ ይጸንት ተሓግሒጉ መበቆሉ
ርቱዕ ዕጫ  ብደዉ ንቕበሮ ነእውየሉ
ሰባብ`ዩ  ሕላገቱ ንመንእሰይ ከይሓልከሉ

ጸታዊ ፍልልይ ዘይብሎም ኩሎም ሓደ
ሓቢሮም ይስዕስዑ ሓው ብሓው እናተሓረደ
መን ከማኻ ዝብሉ ንስጋ ሰብ ዝለመደ
መጽዓኛ ኮይኑ ዝፈረዮም ህዝቢ እናተዋረደ
ክፈላለ ዝህወኽ ብስራይ ተንኮል ዝመንጎደ
መጋርያታት ኣብዚሑ ክስሕን ክንደይ ከ ዘይኣጎደ
ስኽፍ ዘይብሎ ሕልና ህዝቢ ኣንቂጹ ዘንደደ
ጀጃንዳኡ ሰሪዑ ኣብ ልዕሊ ረሳ ዝስዕስዕ  ዝዓበደ

ወዳጀ ተፈላሊኻ ኣነ`ባ ኣነ`ባ
መንእሰይካ ተዘሪዑ ከሎ ኣብ ዛረባ
ዘብዘብ ንፍራንክፎርት ኮነ ንኣዲስ ኣበባ
ወየን ዋዕሮታት ዝበሃላ ክዕላላ ከንጨብጭባ
ዓገብ ክንዲ ዝብላ ህዝቢ ከድሕና ካብ ጸበባ
ብመንጽሩ ተነጻጺለን ዘራፍ ይብላ ይጋልባ
ኣብ ሻርነት ጥሒለን ቂም-በቐል ዘዔምብባ
ኣደታት ስዉኣት እንታይ ትብላ ነዚ ክትዕዘባ

ተዛረቢ መስክሪ ንገሪ`ስከ መሬት
ብቦምባታት ባርዕ ዝነደደ ሂወት
ቃልሲ ውጹዓት ኣድብያ ዘስረቐት
ተጣበቕቲ ፍትሒ ኣሲራ ዘቕተለት
ንቡር ዘይረኸበ ኣዕጽምቲ ዝሓዘለት
ጅግና ሓሊፉ ተሪፉ ሓተላ-ግለት
ኣብ ልዕሊ ረሳ ደቁ ጎይላ ዝጻወት
ክመሃር ዘይህቅን ዝመረጸ ውርደት
ጀጋንኡ ረሲዑ ዘራጉድ ጥልመት
ነብሰ-በላዕ ረመጽ ዕሙት  ክሕደት

መሬት ጽወይዮ`ባ ዝተጣሕሰ ህሞት
ሓዊ-ባርዕ ቦምባታት ፈንጢሱስ ስደት
ሰጋእ ዘይበለ ምስ ታንክታት ክከታኽት
ክትዝክሮ ዘስካሕክሕ ተካል ሕልፈት
ስደት ዶታ ኣምሪጽዎ ሃጽ ዓቕሊጽበት
ኣደ ብግደኣ  ወሊዳ ኣዕብያ ዝመኽነት
ግርማ-ሞጎስ ኣቦታት ኣድፊራ ዝደወነት
ንያት ህዝቢ ኣጥምያ ኣዕሙቓ ዝቐበረት
ጊዜ ሓያል  ንሓይሊ መንእሰይ ዝኣሰረት
ፍሕት ከይብል ንረስኑ ኣኽርዲዳ ዘግረረት
ተበራብር መንእሰይ  መፍትሒ ኣይኮነን ስደት

ገብረሂወት ወልደሚካኤል
2010-08-21 ስቶክሆልም